Tigrinya

# ባምቡላታት

**(Dolls)**

## ምስ መጻወቲታት ናይ ምዝርራብ ንጥፈታት

**(Talking activities with toys)**

### ንስኹምን ውሉድኩምን እንታይ ትገብሩ ኸም ዘለኹም ተዘራረቡ

**(Talk about what you and your child are doing)**

ከም ወላዲ ወይ ከም ኣለይቲ መጠን፣ ኣብ ውሉድኩም ናይ ቛንቋ ምምሃር ኣገዳሲ ግደ ኣለኩም። ምስ መጻወቲታት ኣብ እትጻወቱሉ ግዜ ናብ ምምልላስ ርክብ ቀይርዎ እሞ ንውሉድኩም ድማ ቛንቓኦም ንኺሃንጹ ሓግዝዎም። ብሓባር ክትጻወቱ ኸለኹም፣ ብዛዕባ እቲ ንስኻትኩምን ውሉድኩምን እትገብርዎ ዘለኹም ተዘራረቡ። ነዞም ንጥፈታት እዚኦም ብቛንቋኹም ፈትንዎ።

### ምስ ውሉድኩም

**(With your baby)**

- ብዛዕባ ኣዒንቲ፣ ኣእዛን፣ ኣጻዕብቲ፣ ከምኡውን ከብዲ እታ ባምቡላ ተዘራረቡ። ድሕሪኡ ብዛዕባ ኣዒንቲ፣ ኣእዛን፣ ኣጻብዕን ከብድን ውሉድኩም ተዘራረቡ።
- ውሉድኩም ኾፍ ክብል እንተኽኢሉ፣ ነታ ባምቡላ ኣብ ሕቑፍኡ ግበሩዋ። ነታ ባምቡላ ኸነቓንቕዋ፣ ነታ ባምቡላ ኸጻውትዋ ወይ ነታ ባምቡላ ኸምግቡ ሓግዞም። ኣብታ ባምቡላ ኮቦርታ ኣቐምጡ እሞ ከም፣ "ናይ ድቃስ ግዜ ዝኣመሰለ ነገር ተናገሩ። ጺቡቕ ለይቲ ማሙሽ።"

### ምስ ብእግሪ ክኸድ ዝጀመረ ቖልዓ

**(With your toddler)**

- ብዛዕባ እተፈላለየ ኽፍሊ ኣካላትን ክዳውንትን እታ ባምቡላ ተዘራረቡ።
- ንውሉድኩም ኸም ዝምግብ፣ ከም ዝኸደን፣ ከም ዘድቅስ፣ ወይ ነብሲ ኸም ዝሓጽብ ከምስል ኣተባብዕዎ።
- ከም "እቲ ህጻን ይበልዕ ኣሎ"፣ "እቲ ዓለባ ሽንቲ ኣሎ" ወይ "ነቲ ሕጻን ንሕጸቦ" ዝኣመሰለ ሓጺርን ቀሊልን ምሉእ ሓሳባት ተናገሩ።

### ምስ ኣብ ኣጸደ ሕጻናት ዘሎ ቖልዓ

**(With your preschooler)**

- ምስ ውሉድኩም ገዛ ምምሳል ተጻወቱ። መጻወቲ ዓራት ወይ ንእሽቶ ሳጹን ኣዳልዉ ከምኡውን እቲ ሕጻን ዝድቅሰሉ ቦታ ግበሩ። ነታ ባምቡላ ዝኸውን ንኣሽቱ መጻወቲታት ርኸቡ። እተወሰነ ናይ ጸዋታ ምግብን ኣቕሑን ኣዳልዉ ወይ ከም ሳጹናት መግቢ ዝኣመሰለ መሊሱ ኣብ ጥቕሚ ዝዋዓለ መትሓዚታት ተጠቐሙ።
- ንውሉድኩም ከም "እቲ ሕጻን ይበኪ ኣሎ። እንታይ ጸገም እዩ ዘሎ?" ወይ "እቲ ሕጻን ንኣጻብዕታ ጐዲኣ። እንታይ ኢና ኽንገብር ዘሎና?" ዝአመሰሉ ሕቶታት ብምሕታት ጸገም ምፍታህ ኽመሃር ሓግዝዎ።

እዞም ሓሳባት እዚኦም ኣብ ኣቕሑ ወይ ባምቡላታት እውን ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ሕጻናት ክትመሃረሉ እትኽእሉ ካልእ መገዲ ኸኣ ውሉድኩም ንምንኣስ ኣሕዋቱ ንኽሕግዞም ምትብባዕ እዩ። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ዓለባ ሽንቲ ወይ ክዳውንቲ ኽምጽኡ ይኽእሉ እዮም።

### ኣበይ ሓገዝ ትረኽቡ

**(Where to get help)**

ናይ ዘረባን ቋንቋን ፓቶሎጂስት ክሕግዙ ይኽእሉ።
ዝያዳ ኣብ ahs.ca/pedrehab ተመሃሩ።



ንተወሳኺ ሓበሬታ ነዚ QR ኮድ ስካን ግበሩ
ወይ ናብ ዝስዕብ ብጽሑ፦
ahs.ca/talkbox

እዚ ጽሑፍ እዚ ንምኽሪ ብቑዕ በዓል ሞያታት ጥዕና መተካእታ ኣይኮነን። እዚ ጽሑፍ ንሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ ዝዓለመ ኮይኑ "ከምዘለዎ"፡ "ከምዝኾኖ" ብዝብል መሰረት እዩ ዝቐርብ። ዋላ እኳ ትኽክለኛነት ናይቲ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ርትዓዊ ጻዕርታት እንተተገብረ፡ Alberta Health Services ንልክዕነት፡ ተኣማንነት፡ ምሉእነት፡ ተግባራዊነት ወይ ንፍሉይ ዕላማ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ብቕዓት ዝምልከት ዝኾነ ውክልና ወይ ውሕስነት፡ ግሉጽ፡ ብተዘዋዋሪ ወይ ሕጋዊ ኣይገብርን። Alberta Health Services ንኣጠቓቕማ እዞም ንዋት፡ ከምኡ'ውን ካብ ከምዚ ዓይነት ኣጠቓቕማ ንዝፍጠር ዝኾነ ይኹን ክሲ፡ ተግባራት፡ ጠለባት ወይ ክስታት ኩሉ ተሓታትነቱ ብግልጺ የልዕል።

እዋናዊ ካብ ዕለት፦ ፌብሩሪ 27፣ 2025
(Current as of: February 27, 2025)

Alberta Health Services